# ምእንቲ ብርሃን ዝተሰግረ ጸላም

## ካልኣይን ሳልሳይን ክፋል

እቲ ኣብ ሳሕል ዝተኻየደ መድረኽ ምርብራብ ብቐሊል ኣይተሓልፈን። ጸላኢ'ኻ ኣዳኺምካ ናብ መድረኽ ጀላነት፣ ካብኡ ድማ ናብ መድረኽ መጥቃዕቲ ንኽትሰጋገር ዘሎ ግዜ ብቐሊል ዝብጸሕ ኣይነበረን። እንተኾነ ግን፣ ተጋዳላይሲ ነቲ ደበና ዘይነበሮ ሰማይ ሓደ መዓልቲ ደበና ሓዚሉ ማይ ከምዘዝንብ ኣይተጠራጠረሉን።

ነቲ ደበና ዘይብሉ ሰማይ ርእዮም ተስፋ ዝቌረጹ፣ ካብ ፈለግ ገድልን ተጋድሎን ክእለዩ ባህሪያዊ'ዩ። ብሰሪ ረብሓን ትሑት ፖለቲካዊ ንቕሓትን ንገድሊን ተጋድሎን ኣብ ሸንኮለል ንኽነብሩ ዝፈርዱዎም ባእታታት እውን ኣይተሳእኑን። ብሰሪ'ዚ ድማ፣ ኲናት ሓድሕድ ተወልዐ። ኣማስያኡ፣ እቶም ነቲ ሓዊ ዝኣጉዱዎ በቲ ሓዊ ተለብሊቦም ካብ መስመር ገድልን ተጋድሎን ወጺኦም። እቶም ''ሎሚ 'ውን ከም ትማሊ'' ዝበሉ ገድልን ተጋድሎን ግና ሕጂ'ውን ብውሑድ ቍጽሪ ቀጺሎም። ''በይንና ድኣ ክንወጽ ዲና?'' ብምባል ከይተሸበሩ ገጢሞም።



ወራራት ጸላኢ፣ ሓደ፣ ክልተ፣ ሰለስተ… እናበሉ ሓለፉ። ግና ኸኣ ዝፈየዱዎ ፍዳስ ኣይነበረን። ሓደ ድሕሪ'ቲ ካልእ እናተቐጽሩ ጥራሕ'ዮም ሓሊፎም። ጸላኢ ግን ኣብ ኩሎም'ዩ ፈኪሩ'ሞ፣ ኣይከም ሻዱሻይ ወራርን።

''ላንዴና ለመጨረሻ'' ዝዓበየትን ንኹሉ ትምኒታቱ እተጠቓልልን ጭሮሖኡ እያ ዝነበረት። ብቛንቋኦምሲ ሓንሳብን ንመወዳእታን ከነጥፍኦም ኢና ማለቶም'ዩ። ክንዲ ዝኾነ ድማ፣ ህድግለነ

ዘይብሉ ኣጽዋር ለሚኖምን ሸሚቶምን። ማእለያ ዘይብሉ ብፍሉይ ናይ ኅቦታት ታዕሊም ዝጸገበ ተራራ ዝተሰምየ ሓድሽ ሰራዊት ኣኽቲቶም።

ጸላኢ ክሳብ ዓንቀሩ ካብ ዓጠቐ፣ ገድልን ተጋድሎን ከኣ ጸኒያም ክኸላኸሉ ነይሩዎም። ክንዲ ዝኾነ ድማ፣ ከም ጓል በረኻ ናብ'ቲ ሰማይ ጠቀስ ኅቦታት ሳሕል ደይቦም። እንተኾነ ግን፣ ኣብ ሰማይ ጠቀስ ኅቦ ምድያብ ጥራይ 'ውን ንምክልኻል ዝበቅዕ ስጉምቲ ኣይነበረን።

እቲ ብሓደ ግዜ ኣርባዓ ቦምባታት ክውንጭፍ ዝኽእል፣ ሕብረት ሶብየት ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ስም ዝረኸበትሉ ስታሊን ኦርጋን ዝተባህለ ሚሳይል፣ እቲ ብድምጹን ርዝነቱን ንመሬት ዘንህል 130 ሚሊ ሜተር መድፍዕ፣ 122 ሚሊሜተር፣ ዝተፈላለየ ሞርታራት፣ ሄሊኮፕተራት፣ ነፈርቲ ውግእን ታክታትን ዝትኩስዎ ቦምባታት፣ ናብቲ በረኽቲ ኅቦታት ንምድያብ ዝእግሞ ኣይኰነን።

ስለዚ፣ ገድልን ተጋድሎን ንመኸተ ዝኾኖም ስራሕ ክሰርሑ ነይሩዎም። ኣብ'ቲ ሰማይ ጠቀስ ኅቦታት መዕቈቢን መታኸሲን ዝኾኖም ጕዳጕዲ ክኹዕቱ ጀሚሮም። ነቲ ዝተኻዕተ ጉዳጉዲ ዝኸውን ንሓይሊ ቦምባ ከቢድ ብረት ከምክን ዝኽእል ኣጕናድ እናተሰከሙ ዕርዶም ክሃንጹ ነይሩዎም።

ገድሊን ተጋድሎን'ሞ ይዓጅቦም ዲዩ። ንኹሉ'ቲ ዝተደልየ መደባት ተግቢሮሞ። በታ ብጥሜት ዝተጠቐዐት ነብሶም፣ ሞራል ስለዝሰነቑ ጥራሕ፣ ደቂ ሰብ ክስከሙዎም ይኽእሉ እዮም ተባሂሎም ኪግመቱ ዘጸግሙ ዓበይቲ ኣጕናድ ካብ ሩባታት ናብ ጥርዚ ኅቦታት ኣውጺኦሞም።

ዲሒሩ ግን ሓደ ካልእ ንፋስ'ዩ ነፊሱ። እቲ ንፋስ'ቲ ቅድሚኡ ተሰሚዑ ዘይፈልጥ ነበረ። ጸላእቲ ንደቂ ሰብ መሪዙ ዝቐትል ቀመማዊ ጋዝ ክጥቀሙ ምኺኖም'ዩ ተፈሊጡ። ስለዝኾነ ድማ፣ ሕጂ'ውን ነቲ ክሳብ ኰራርምቱ ዝዓጠቐ ሽሾ ሰራዊትን ቀመማዊ ጋዛቱን ኪጋጠሙ ዝዓደሞም ጸላኢ ኪገጥሙዎ ነይሩዎም። ገድልን ተጋድሎን ግን ሕጂ'ውን ድልዋት ነበሩ። ነታ በቒቕማ ዘይፈልጡ ሂወቶም ኣብ ውሽጢ'ቲ ረሃጾም ከይበቐቑ ዝሃነጹዎ ናይ ሰማይ ጠቀስ ኅቦታት ዕርዶም ብምሽኻዕ ንጸላኢኦም ይጽበዩዎ ነበሩ። ካብ ቀመማዊ ጋዝ ንምክልኻል ብፈሓም ገይሮም ዝሰኑዑዎ መካላኸሊ ማስኬራ ኣብ ኅድኒ ዕጥቂ ነፍስ-ወከፎም ነይሩ። ቀመማዊ ጋዝ ድሕሪ ምትኳሱ ከመይ ገይሮም ንገዛእ ነብሶም መርፍእ ከምዝወግኡዋ ድማ ኣብ ሰለፎም ተለማሚዶሞ ነበሩ። በቃ፣ እዝን ካልእ ምድላዋትን ኣማሊኦም ነቲ ዝመጸ ወራር ንምብዳህ ተዳልዮም።

ገድልን ተጋድሎን፣ ነቲ "ጕበጥኩኹም'ሞ ነብስኹም ከየሕሰምኩም ኢድኩም ሃቡ" ዝብሎም ዝነበረ ጸላኢኦም፣ ክሳብ ኣፍንጫኡ ስለዝዓጠቐን፣ እቶም ብኣፎም ኣጆኹም ዝብሉና ዝነበሩ ደገፍትና ካብ ጠለሙናንሲ ስዩም ዘይንብል ኣይተበሃሃሉን። ብኣንጻሩ እኳ ድኣ፣ ኣብ ውሽጢ'ቲ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጕጥያ ዝተሓወሶ መጠነ ሰፊሕ ኲናት ኮይኖም፣ ብድሆ፣ ንዝመጸ ወራር ቅልጽመይ እነሆ ብምባል ብሓደ ዘሚሮም።

ግንባራትን ደጀናትን፣ ኮታ ኣብ ምሉእ ሃገር ኣብ ገድሊ ዝነበረ ተጋዳላይ ብሓደ ጨሪሑ። ነቶም "ኢድካ ሃብ! እንተዘይሃብካ ግን ትምልዓስ" እናበሉ ብወረቐት፣ መጕልሕ ድምጺን ሬድዮ ኣስመራን እናገበሩ ዝህውኹዎ ዝነበሩ ጸላእቱ፣ መልሱ "ኣበደን ንመግዛእቲ" ምኻኑ ብዜማኡ ነጊሩዎም።

እቲ ኲናት ዝጅመረሉ እዋን እናተቓረበ መጸ። ገድሊን ተጋድሎን ክጠፍኡ ምኻኖም ነዛ እናስምዐት እተጽቅጥ ዓለም ብወግዒ ተነጊሩዋ'ዩ። ሻቡ፣ ገሊኣ ገጻ ቀይሑ ንደርጊ ኣጣቒዓትሉ። ገሊኣ ድማ ኣብ'ቲ ናይ ምጥፋእ ውራይ ንኽትሳተፍ ነቲ ኲናት ኢዳ ሓዊሳትሉ። እታ ክትደናገጽ

ዝጸንሐት ኢ.ዳ ሲ.ሒ.ባ፣ ገድሊን ተጋድሎን ብታንክታት ክርገጹ እንከለዉ ምርኣይ ኣስካሕኪሑዋ ድማ ኣዒንታ ዓመተት። በቃ፣ ገድልን ተጋድሎን ኣጆኹም ዝብልን ዘጻናንዕን ዘይብሎም ንበይኖም ተሪፎም። እንተኾነ ግን ንሳቶምሲ ገና ምስ ተስፋኦም እዮም ዝነብሩ።

ሕጅ'ውን እቲ ሰማይስ ምስ ብሩህ ሰመያዊ ሕብሩ'ዩ ዝነበረ። ኣብ ዝኾነ ኣካሉ፣ ነጠብታ ተስፋ ክትፈጥር እትኽእል ሃሳስ ደበና'ውን ኣይነበረቶን። ግን ከኣ፣ ገድልን ተጋድሎንሲ፣-''ጀጋኑ በይኖም እዮም ኣንጻር ሓያላት፣ ፍጹም ዘይዓጅቦም ግዝያዊ ኣጽዋራት'' እናበሉ ንገዛእ ነብሶም ብገዛእ ድምጾም የጸናንዑዋ ነይሮም። ኣብቲ ገያጽ ኀቦኽ መን መጺኡዩ'ሞ ከጸናንየም። ብቐደሙ 'ውን እኮ ኣብ ንሓድሕዶም እምበር ኣብ ግዳማዊ ጸግዒ ኣሚኖም ኣይነቐሉን።

ሽዑ፣ ኣብቲ ግብ ዝበለን ተስፋ ዘይህብን እዋን፣ ጸላእቲ ''ንወንበዴታት ክንድምስሶም ኢና'' እናበሉ ኣፎም ዝሃቦም ይግዕሩ ነይሮም። መልሓስ ዓጽሚ ስለዘይብላ፣ ዝድላዮም ለፍሊፎምላ። እንተኾነ፣ እቲ ናብ ኣእዛን ዓለም ዘጋውሐ ዳንኬራ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብሲ ተጸባይኡ ብዙሕ'ዩ ዝነበረ። እተን ኣብ ኣዲስ ኣበባን ኣስመራን ምርኢት ሰልፌ ሰራዊትን ኣጽዋርን ዝረኣያ ኣዒንቲ፣ ውጽኢቱ ንምርኣይ ተረቢጸን። ውጥናት ክረምሊን ሸቶኡ ክወቅዕ ዲዩ ዋላ ከምቶም ዝሓለፉ ሕፍረት ኪጉልበብ'ዩ እውን እቲ ካልእ ትጽቢት'ዩ ነይሩ።

ኣብታ ህሞት እቲኣ ንገድሊን ተጋድሎን ዝሕግዝ እንተነይሩ እቲ ኣብ ሃሃገሩ ኮይኑ ''ኤህ! መሳኪን ኤርትራዊያን! ክጠፍኡ'ዮም ማለት ድዩ?'' ብምባል ዝተደናገጸ ጥራሕ'ዩ። ኩለን እተን ኣብ ጎድኑ ዝነበራ ብዘይ ሕንከት'የን ኣእዳወን ሲ.ሒ.በን። ገድሊን ተጋድሎንሲ ነቲ ከብዱ ሓቍፉ ኣብ ትሕቲ ሓጹር መግዛእቲ ዝነበረ ህዝቦም ጥራሕ እዮም ዝኣምኑዎ ነይሮም። ንሱ ኸኣ ከም መድሕኑ ንዓኣቶም ይኣምንን ምስኣቶም ይደናገጽን።

ጸላኢ፣ ንህዝቢ ንምርዓድ ኢሉ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዘካየዶ ናይ ምረሻ ሰልፌ ብኣንጻሩ ኮኑይ'ዩ ጸኒሑዎ። እቲ ብፍርሒ ተሰናቢዱ ናብ በረኻታት ሳሕል እናወረደ ደቁ ከእቱ ዝተጸበዮ ህዝቢ ኤርትራ፣ ንዝተረፉ ደቁ ''ጸላኢ ከይሓርደኩም ጻዕዳ ይጽናሕኩም ምስ ኣሕዋትኩም ተጋደሉ'' እናበለ ደድሕሪ ኣሕዋቶም ከምዝስዕቡ ገይሩዎም። ስለዚ፣ ህዝቢ ጸንዐ ድኣ'ምበር ኣይተንበርከኸን።

እተን ደርጋዊያን ሰልፌ ሰራዊቶም ንኽርእያ ናብ ጎደና ዘውጽኡወን ኣዴታት'ኳ፣ ኣእዳወን እናኣጣቐዐ፣ ልበን ግን ምስ ፈጣሪአን ትመያየጥ ነይራ። ''ንጸላእቲ ዲል ከሊእካ ንደቅና ሓይሊ ሃቦም። ኣጽዋር'ዞም ወረርቲ ኣብ ዕጨ እምኒ ኣብለሎም'' ብምባል ለሚናትሎም።


እቶም ጸላኢ ንጎቦታትን ኣጻምእን ሳሕል ጠሓሒሶም ንገድልን ተጋድሎን ንኽድምስሱ ብፍሉይ ዝዓለሞም ኣሃዱታት 18፣ 19፣ 21፣ 22 ክፍለ ጦራት እዮም ዝበሃሉ። እዚ ሓድሽ ሓይሊ'ዚ ምስ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዝጸንሐ ዓቕሚ ተደማሚሩ ድማ፣ ሓደ ተኣምር ከምዝፈጥር ኣይተጠራጠረን። ምኽኒያቱ፣ ቅድሚ ናብ ኤርትራ ምምጽኦም፣ መታን ተሳሒሎምን ኣብ ግብሪ ተፈቲኖምን ክመጹ፣ ናብ ጎቦታት ትግራይ ወሲዱ ኣንጻር ወያነ ውግእ ከምዝለማመዱ ገይሩዎም'ዩ።

ነፈርቲ ውግእን ኤም.ኣይ 24 ዝዓይነተን ፍሉያት ሄሊኮፕተራትን እውን ንውግእ ተዳልየን ነይረን። ኣንቴኖቭ ዝተባህላ ብለይቲ ኰነ ብቐትሪ ክድብድባ ዝኽእላ ነፈርቲ ግን ድሮ ስርሐን ጀሚረን ነበራ።

ነፈርቶም ብዝትሖሳኦ ብዓለም ዝተወገዘ ናፓልን ብሪምሪምን፣ ታንክታት፣ መዳፍዓት፣ ቢኤም ወንጨፍቲ ሮኬታት፣ ቡምባታት፣ ዘበናዊ ኣጽዋርን ንኣየር ዝብክሉ ጋዛትን ፈሪሖ ስዩም ከምዘይብል ደጊሙ ደጋጊሙ ኣረጋጊጹሎም። ኣብ'ቲ ብኣማኸርቲ ዝተጸንዐ ወራር፣ ብሰማይን

ብምድርን ብዝትኲስ ብረታት ምድረ ሰማይ እንተጸልመተት እውን ኢዶም ከምዘይህቡ ነጊሮሞ። መርዛማት ጋዛት እንተተነስነሱ፣ ዘቃጽሉ ቦምባታት ኣብ ኣካላቶም እንተፈሰሱ፣ ንሓድነት ህዝቦምን ንጽኑዕ መትከሎምን ክብሉ ከምዝቕበሉዎ፣ ኣብ መወዳእታኡ ድማ፣ ንሳቶም ክስዕሩ ጸላእቶም ከኣ ክሰዓሩ ምኧኳኖም ብዘይ ሕብእብእ ኣብ ጋህዲ ብርሃን ኮይኖም ገሊጾምሉ።

ገድሊን ተጋድሎን ንሓድሕዶም "ኣጆና" እናተበሃሃሉ፣ ኣብ ናይ ጽንዓት ዕርድታቶም ኣትዮም ይጽበዩ ነይሮም። ብሰሪ መግቢ ዝተጠልቀዐት ከብዲ ዘውዓላ ክትውዕል ትደሊ ነይራ። ኣብታ ክትጅመርን ክትውዳእን ዘይተላቡ መኣዲ ካብ ዝጽመዱ ልዕሊ ዓመት ኣለዎም። ካብ ሱዳን ተሸሚቱ ናብ ሰፈር ገድሊን ተጋድሎን ገጹ ዝኣቱ ዝነበረ ሓርጭ ወዲ ዓከርኳ ዓዲ ኣርሒቑ'ዩ ነይሩ። ስለ ዝኾነ ድማ፣ እተን ዝርከበን ቁንጣሮ ሓርጭ ምስ ቈጽለ መጽሊ እናሓወስካ ክብላዓ ነይሩወን።



ገድሊን ተጋድሎን ቦጅቦጅ እናበሉ ዝሰምዩዋ መግቢ ነይራቶም። ትሕዝቶ'ታ መግቢ ቅጫ ጨውን ማይን ጥራሕ'ዩ። ነታ ዝርካባ ቅጫ ወዲ ዓከር ኣብ ጨው ዝኣተዎ ማይ ፈትፊትካ ምብላዕ እዩ። ንዓኣ ተመጊቦም ከኣ፣ ኣጕናድ ይስከሙን ኣፍራዛ ኣልዒሎም ዕርዶም ይሃንጹን። "ዝመጸ ይምጻእ ወራሪ፣ ኣብ ባርዕ ሰውራ ሓራሪ" ዘይሞም ገድሊን ተጋድሎን። ጸላኢ ወግሐ ጸብሐ "መጻእኩ፣ መጻእኩ" እናበለ ሞኽ ምስ ኣበሎም ዝመለሱሉ መልሲ እዩ ነይሩ።

ኣብ መወዳእቱኡስ እቲ ንኣእዛን ዘደንቁር ወራር ብዕለት 15 ለካቲት1982 ተጀሚሩ። ነፍሲ-ወከፍ ካልኢት ንንውሓታ ዝተዓጻጸፍ ቦምባታት የእንጊዳ። ምጣኔ ዝናብ ቦምባታት ከኣ፣ ካብ ሓደ ትርቢዒት ሜተር ዘይፍንተት ኣዋድቓ ዝተኸተለ ነበረ። ገድልን ተጋድሎን ከኣ ኣብ'ታ ረሃጾም ኣንጠብጢቦም ዝሃነጹዋ ዕርዶም ኮይኖም ይከታተሉ። ብረሃጽካ ደምካ ከምዝዕቀብ ሳላ ዝፈለጡን ዝተግበሩዎን፣ ኣብ ክፋል ጉድጓዶም ኮይኖም ብዘይ መብረ ይዋግኡ ነይሮም። እቲ ጸዋግ እዋን መመሊሱ እናተጸወገሎም፣ ንሳቶም ግን ኣብተን ብእምነት ዝሃነጹወን ዕርድታቶም ኮይኖም ይፍሸኹ። ምስ ነፍሲ-ወከፍ ፍልይቲ ፍጻሜ ይስሕቁ። ኣብ ቦታ ሞት እናሃለዉ ክሳብ ተራኦም በጺሑዎም ዝስውኡ፣ እናሰሓቑን እናተጨራረቑን ይዋግኡ።

እቲ ኲናት ኣስናን ምረቱ ገይጹ ይቕጽል። ኣብ'ቲ ርሱን ኲናት ኣባጽሕ ይወድቁ። ገሊኦም ይቘራረጹ፣ ገሊኦም ከኣ "ዓወት ንሓፋሽ!!" እናበሉ ይስውኡ። እቶም ዝተረፉ ግና፣ ንዝተወግኡ

ናብ ሕክምና ልኢኾም፣ ንዝተሰውኡ ቀቢሮም፣ ንዕማም ምክልኻል ብዝኸበደ ሓላፍነት ይቕጽሉዎ።

ተጋድሎ፣ ነፍሲ-ወከፎም ሽሾ ወተሃደራት ይቖዝሩ። ሰብ ሚሳይል ከበድቲ ብረትን ጸላኢ ኣብ ጐላጉል ኮይኖም የጕርዑ። ኣጋር ሰራዊቶም ድማ ናብ ጎቦታት ገጹ የንቃዕርር'ሞ ይለሓስ ከኣ።

ሰብ ጹኑዕ ዕርዲ፣ ኣብ ዕርዶም ኮይኖም ጥራሕ ይኳሸሑ። ኣብ ጥራሕ ከብዶም ምስቶም ምሉእ ዝስንቖም ሽሾ ወተሃደራት ምውጋእ ግን ቀሊል ዕማም ኣይነበረን። ብዥሉ ማእዝናትካ ንዝኸበበካ መንደረጋሕ ዂናት ምግጣም እውን ካልእ ጽንኩር ገጽ ናይ'ቲ ወራር'ዩ። ግን ከኣ፣ ገድልን ተጋድሎንሲ ሕጂ'ውን ይቕጽሉ። ነታ በስመኣማን ተመስገናን፣ ብስሚላሃን ኣልሓምድሊላሃን ዝተለጋገበ መኣዲ ለኺፉ ይዋጋእ።

ስሩሑ ውግእ'ዩ። ንህዝቡ ተዋጊኡ ኣብ ዓወት ከምዘብጽሖ'ዩ ዝኣምን። ንጸላእቱ ኣብ ዓውዲ ፖለቲካ ብመልሓሱ ጥራሕ ብምግጣም ከምዘይዕወተሎም ካብ ሕሉፍ ናይ ሓምሳታት ተሞኩሮኡ ኣረጋጊጹዎ'ዩ። ክንዲ ዝኾነ ድማ፣ ንፖለቲካን ዱላን ኣዋሃሂዱ'ዩ ናብቶም ዋልታይ ዝበሎም ዓበይቲ ዕርድታቱ ዘንቃዕረረ። ገድሊን ተጋድሎን ንናጽነት ንኸናድዩ ምስናይ መሪሒነቶም ኣብ ግንባራት'ዮም ነይሮም። ነፍሲ-ወከፍ ዝተሳሕበት ቃታ ዝወለደታ ድምጺ ብረት ኩለን ኣእዛን ብሓደ ይሰምዓኣ። ብሓንሳብ ይውግኡ ብሓንሳብ ድማ ይሰውኡ። ኣብ ውሽጢ'ቲ ዝቖሉ ረመጽ ኮይኖም ብሓንሳብ ይስሕቁ።

ሂወት ገድሊን ተጋድሎን ኣብ መንቀራቕሮ ከም እትነብር ዝገብር ከርፋሕ ሂወት'ዩ። ንሳቶም ግን ነቲ ከርፋሕ ናብ ልሙጽ፣ ነቲ ጽዋግ ናብ ፍሽኽታ፣ ነቲ ጸበባ ናብ ራህዋ፣ ነቲ ጥሜት ናብ ጽጋብ፣ ነቲ ጽምኢ ድማ ናብ ርውየት እትልውጥ ልቢ ነይራቶም። ብሳላ'ዛ ልቢ 'ዚኣ እቲ ዕረ 'ውን ስለዝመዓረሎም፣ እቲ ብሰሪ መውጋእቲ ካብ ኣሃዱኡ ተፈልዩ ንኽሕከም ዝኸደ ኣባሎም'ኳ ብናፍቖት ብጾቱ ጣዕ ይብል ነበረ። መታን ንብጾቱ ክረክብ፣ ንጥምየት፣ ጽምኢ፣ ቀዝሒ ለይቲ፣ ምረት ጸሓይ ቀትሪ፣ መስዋእትን መውጋእትን ዝበራረያሉ ብረሃጹ ዝሃነጸ ዕርድታት ይናፍቖ። ቍስሉ ከከይ ሓወየ ድማ ካብ ሕክምናታት እናሃደመ ብእግሩ ተጓዒዙ ናብ'ቲ ቦታ ኲናት ይምለስ።

እቲ ሓንሳብን ንሓዋሩን ተባሂሉ ብባርኾት ክረምሊን ተመሪቑ ዝነቐለ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ፣ መዓልታት ይቖጽር ነይሩ። ነፍሲ-ወከፍ መዓልቲ ድማ ሓያለይ ቀያሕቲ ትወስድ ነበረት። ግን ከኣ ማእለያ ዘይብሎም ወተሃደራት ጸላኢ ትቖዝፍ ብምንባራስ እቲ ተስፋ ኣይጸልመተን።

ድሕሪ ግዜ፣ ጸላኢ ኣላሽ ቅድሚ ምባሉ ቃላቱ ክቕይር'ዩ ተራእዩ። በቲ ዝወረዶ ስዕረት ክእመን ኣይደለየን። ነቲ ዳንኬራ ዓለም ስለዝረኣየቶ፣ ፍሽለቱ ናብ ሰበ-ስልጣን ስርዓቱን ጎቦታት ሳሕልን ከላግቦ መረጸ። እቲ ኣድራጋ ዝትዂስ ዝነበረ ኣጽዋሩ ኸኣ፣ በብቑሩብ ናብ መንፈር ክልወጥ ጀሚሩ። ጸኒሑ ድማ ጥርቅም በለ። ሽዑ፣ ፍናን ገድልን ተጋድሎን ናብ ጥርዚ ገጹ ኣንቃዕረረ። ግና ኸኣ፣ ሻዱሻይ ወራር እውን ኣሽሓት ቀያሕቲ'ያ ወሲዳ። ከምተን ዝሓለፉ ሓሙሽተ ወራራት ድማ፣ ቍጽርን ታሪኽን ኰይና ሓሊፋ።

ኣብ ገድልን ተጋድሎን ዝተራእየ ለውጢ እንተነይሩ፣ ኣብ ልዕሊ መሬቶም ዝነበረ ሰማያት ኣዝዩ ስሑው ናይ ተስፋ ደበና ክረአ ምጅማሩ'ዩ። ገድሊን ተጋድሎን፣ እቲ ብሳሕዊ ዝተራእየ ምልክት ደበና፣ ዊዒሉ ሓዲሩ ናብ ናጽነት ከምዝልወጥ ኣጸቢቖም እዮም ዝተኣማመኑ ነይሮም። ምኽንያቱ፣ ደርጊ እቲ ዝገዝፈ ሓገዝን ምትብባዕን እንተመጸ እውን ክስዕር ከምዘይክእል ኣረጋጊጾም ነይሮም። መትከል እንተድኣ ሃልዩ፣ ካላሽን ሒዝካ ምስ በዓል ሚሳይል ክትገጥም ከም

እት'ኽእል ጽቡ'ቕ ገይሮም'ዮም ዝፈልጡ። ካብ ግብሪ ንላዕሊ ክምህር ዝ'ኽእል ስለዘየለ ድማ፣ ዓለም ናይ ትምክሕቲ ሰንሰለታ በቲ'ኻ ካብዚ ግብራዊ ተመኩሮ'ዚ ምተማህረት።

ኣብ ሰውራ ኤርትራ፣ ብሰሪ ገድሊን ተጋድሎን፣ ንመዛግብቲ ዓውደ ውትህድርና ዓለም ዝዘራርግ ተርእዮታት'ዩ ተኸሲቱ። እቲ "ንጸላኢ'ኻ ከተጥቅዕ እንተድኣ ኮይንካ ናይ ዕጽፊ ዓቕሚ ሰቡ ዝ'ኸውን ዓቕሚ ሰብ ክህልወካ ኣለዎ" ዝብል ሓረግ ኣብ መዋእል ገድሊን ተጋድሎን ተዘራሪጉ'ዩ። ኣብ ግብሪ፣ እቶም ውሑዳት ነቶም ስፍሪን ቍጽርን ዘይነበሮም ሓሸከት ጸላእቲ ስዒሮሞም።

ጀጋኑን ሰብ መትከልን ንበይኖም ኣንጻር ሓያላት ገጢሞም ሲዒሮም። እቲ ካብ ዝኾነ ማእዝን ደገፍ ዘይነበሮ ገድልን ተጋድሎን ነታ ኣብ ዝርያን ሽ'ኽርክርን እትኣምን ዓለም ኣረጋጊጸምላ። ሓንቲ ሂወቶም ጥራሕ ዘይኰነትሲ፣ ዓሰርተ ሂወት ዝውንኑ እንተዝነብሩ እውን ብዓሰርቲኦን ንም'ኽፋል ድሕር ዘይብሉ ፍጡራት ከምዝኾኑ፣ ትድለዮ ኣይትድለዮ፣ ንዓለም ብግብራዊ ስርሖም ኣርእዮማ።

መራሒን ተመራሕን እንተተወሃሂዶም፣ ነቲ ዝጸንዐ ዕርዲ ጸላእቶም ን'ኽጥሕሱ ጸገም ከምዘይብሎም ንዓለም ብግብራዊ ስርሖም ኣርእዮማ። ኣብ ህዝባዊ ግንባር መራሕን ተራን ናይ ምምልላእ ድኣ'ምበር ናይ ጎይታን ጊልያን ዝምድና ከምዘይብሎም ኣረጋጊጾምላ።

ኣብ ቅድሚ'ቶም ንገድሊ ምስናይ ገደሉ ዝተቐበሉዎ ተጋደልቲ፣ እቲ ገና ትርኢቱ ዘየግሃደ፣ ብውሽጦም ግን ናጽነት እናበሉ ዝሰምዩዎን ዝኣምኑሉን ረቂ'ቕ ሓሳብ ኣሎ። ንናጽነት ከይረ'ኸቡ ጉዕዞኦም ከምዘየቋርጹ ገና ብግስ ክብሉ እንከለዉ ገድሊን ተጋድሎን ዝተኣታተዉዎ ቃል ኪዳን ኣለዎም። ህዝቦም ርህዩዎ ን'ኽነብር ግድን ናጽነት ክትመጽእ ኣለዋ። ናጽነት ግን ዛጊትሲ በቲ ኣብ ውሽጢ ልቢታቶም ዝነበረ ተስፋ ድኣ'ምበር ጩራ ብርሃናስ ገና ኣይሰሎ'ኽን። ንሳቶም ግን፣ ፈጣሪ ግዲ ተስፋ ከምዘይቑ'ርጹ ገይሩ ፈጢሩዎምሲ፣ ኣብ'ቲ ተስፋ ዘቕ'ርጽ እዋን ኮይኖም ብተስፋ ይጓዓዙ። ምስ ኩሉ'ቲ ጽዕጹዕ ኩናትን ዝወርዶም ዝነበረ ናይ ከበባ ወራራትን ተሰናቢዶም ኣላሽ ን'ኽብሉ ሓሲቦምሉ ኣይፈልጡን።

ዓሰርተ ሓሙሽተ ኣባላት ዝነበሩዋ መስርዕ ናብ ሓሙሽተ ወሪዳ እናሃለወት፣ በቶም ዝተረፉዋ ሓሙሽተ ሰብ ንም'ቕጻል ምስ'ቲ ክንዲ እምባ ዝ'ኸውን መከራ ትፋጠጥ። ሓሙሽተን ዓሰርተ ሓሙሽተን በበይኑ ዝመጠኑ ኣሃዝ ክንሱ፣ ገድሊን ተጋድሎን ግና፣ "ብዘለካ ዓቕሚ ቀጽል!" ይበሃሃሉ ንሓድሕዶም። ሽዑ፣ ሓደ ተጋዳላይ ናይ ሰለስተ ብጾቱ ስራሕ ክሽፍን ከምዝ'ኽእል ገይሩ ንገዛእ ነብሱ የእምና። የእምና ጥራሕ ዘይኮነ ብግብሪ ይዓምም። ዓሚሙ ነቲ ጸበባ ይፍንጥሶ።

ጸላኢ ግን፣ እቲ ዳንኬራ ዝሓለፎ ገዚፍ ወራሩ ምስ ሓለፈ 'ውን ኣየብቅዐን። እቲ ብዋዕዋዕ ንዓለም "ረኣዩለይ ስምዑለይ" እናበልካ ምብጋስ ተመሊሱ ዘሕፍር ምኻኑ ኣብ ግብራዊ ተመኩሮኡ ርእዩዎ'ዩ። ዓውዓው እናበልካ ዘራፍ ምባል ከምዘየምሕረሉ ፈሊጡዎ'ዩ። ሎሚ ርኣዩኒ ርኣዩኒ፣ ጽባሕ እንተወደ'ቕካ ድማ ሕብኡኒ ሕብኡኒ ምባል ፋይዳ ከምዘይብሉ ካብ ገዛእ ነብሱ ተማሂሩ'ዩ።

ክንዲ ዝኾነ፣ ንሻብዓይ ወራር (ሰላሕታ ወራር) ክነቅል እንከሎ ብጩ'ቕ ኣይበለን። ነታ ኣብ ምጅማር ሻዱሻይ ወራር ኣብ ወተሃደራዊ ምርኢቱ ን'ኽትሳተፍ ናብ ኣዲስ ኣበባ ዝዓደማ ዓለም፣ ሎሚስ ብዋጭዋጭታ መጕልሕ ድምጺ ገይሩ ኣይሃወ'ኻን። ነታ ክገብራ ዝሓሰባ ከይተሰምዐ ኪገብራ'ዩ ወሲኑ።

ገድልን ተጋድሎን ከኣ፣ ነታ ብቑጽራ ኣብ መበል ሻውዓይ ዝተሰርዐት ወራር፣ ኣብ ክንዲ ብቑጽራ ብሳጓኣ ጸዊያማ። ካብ ኣገባባ ነቒሎም "ሰላሕታ ወራር" ዝብል ሳጓ ኣጠሚ'ቖማ። ግና፣ ጸላኢስ መሲሉዎ ድኣ'ምበር፣ ገመል ሰሪ'ቕካ ብጉምብሕ ጉምብሕ ም'ኻድ ዝከኣል ኣይነበረን።

እቲ ሰላሕታዊ ኲናት ተኸፊቱ። እቶም ጽንዓቶም ዘረጋገጹ ዕርድታት ተጋድሎ ብድምጺ ወደቓ ከበድቲ ቦምባታት ተናወጹ። ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፣ ናቕፋ፣ ሮራ ሓባብ፣ ሓልሓልን ባርካን ብሓደ እዋን ነጐዶም። ባይታኦም ብነዝነዝታ ቦምባታት ኣንቀጥቂጡ። ሰማያቶም ብዕምብረ ባሩድ፣ ትክን ዶሮናን ተዓፊኑ፣ ገድሊን ተጋድሎን ንሓድሕዶም ኣብ ዘይረኣኣዩሉ ደረጃ ተበጺሑ።

በቃ፣ ገድልን ተጋድሎን ኣብ ናይ ኲናት ረመጽ ተጸሚዶም። ዋሕዶም ዝዘረዮም ተጋድሎ፣ ካብ ግንባር ናብ ግንባር ተወናጨፉ። ኣብ ጉዕዞ ጸኒሖም ኣብ ርሱን ኲናት ይጥበሱ። ዉሑዳት ከፊሎም ዝገዝፈ ክሳራ ንኸውርዱ ብምሉእ ልቦም ይዋግኡ።

ምድሪ ብደብዳብ እናተደሰቐት ቦኾኽታ ሓመድን ዕሉስ ዒግታን ከኣ ናብ ሰማይ ይዓርግ። እቲ ተጋድሎ ዝነበሩዎ ቦታ፣ ብነፈርቲ ውግእ፣ ሄሊኮፕተራት፣ ታንክታት፣ ቢኤማት፣ መዳፍዕ፣ ሞርታራትን ረሻሻትን ይውቀር። ኣቑጽልቲ ኣብ ገረቦም እንከለዉ ይቃጸሉ። ናፓል ዘሕረሮም ኣካውሕ ጓህሪ መሲሎም ይረኣዩ። እዚ ኹሉ እናሃለወ ግን፣ ተጋድሎስ ኣብ ውሽጢ'ቲ መጋርያ ነይሮም። የለዉን እናተባህሉ ይህልዉ። መጺኦም ክትብሎም ይስወሩ። ጠፊኦም ክትብሎም ይስስኑ። ሰባት ክንሶም ናይ ፍርሒ ስሚዒቶም ቀቲሎም ኣብ መጋርያ ኲናት ይሰራሰሩ።



ሰላሕታ ወራር እውን ልክዕ ከም ኣሕዋቱ ተጸብጺቡ ሓሊፉ። ሻቡ፣ ደቂ ገድሊ ዓቕሞም መዚኖም። ኣብ ዝጥዕሞም እዋን ክሳድ ጸላኢ ከኸንድዱ ከምዝኽእሉ ፈሊጦም። ብሳላ'ዚ ኸኣ ንተሰነይ፣ ውቃውን ባረንቱን ተቖጻጺሮመን። ንጸላኢ ኣብ'ታ ተሕምሞ ዘቢጦሞ። ባረንቱ፣ እታ ዘይትድፈር ከተማ እናበለ ዝዝምረላ ዝነበረት ከተማ እያ። ባረንቱ ብምትሓዛ ኸኣ፣ መዓንጣ ከብዱ ሓሪሩ።

እንተኾነ፣ ጸላእስ ሕጂ 'ውን ኢዱ ንኽህብሲ ኣይፈቐደን። ከም ተመን ዕዳጋ ርእሱ እናተቐጥቀጠ ካብ ምሟት፣ ዘለዎ ሓይሊ ኣካኺቡ ፈንጠርጠር ምባል ከምዝሕሾ ኣሚኑ። ኣብ ሃረር ንዝነበረ ሱሳ ታንክታት ዝዓጠቐ ካልኣይ ሜካናይዝድ ክፍለ-ጦር ኣምጺኡዎ። ኣብ ትግራይ ዝነበረ ሓደ ክፍለ-ጦር እውን ናብ ግንባር ባረንቱ ከምዝሰሓብ ገይሩዎ። ኣብ ርእሲ እዚኦም፣ ማእለያ ዘይብሎም ብግፋ ዝተዓስከሩ ኣባላት ብሄራዊ ውትህድርና ኣኽቲቱ። ገለ ገለ ክፍላተ ሰራዊታት ካብ ትግራይን ጎንደርን ሲሒቡ ናብ ኤርትራ ኣምጺኡዎም።

ነቲ ንገድሊን ተጋድሎን ካብ ከባቢ ባረንቱ ንምሕግሓግ፣ ካብኡ ሓሊፉ ኸኣ ንምድምሳሶም ዘውጽኦ ስርሒት ወፍሪ ቀይሕ ባሕሪ ኢሉ'ዩ ሰይሙዎ። በዚ ወፍሪ'ዚ ንሰውራ ኤርትራ ነበረያ ነበረ ከምዝገብሮ ቅንጣብ ምጥርጣር ኣይነበሮን።

ተጋድሎንኸ እንታይ እዮም ኪገብሩ ነይሩዎም? ባረንቱ ንዘይምሕዳግ ብዘለዎም ዓቕሚ'ዶ ይዋግኡ ዋላስ ነብሶም ዓቂቦም ቀጻልነት ገድሎም የረጋግጹ? ምርጫኦም እቲ ካልኣይ እዩ ነይሩ። ክንዲ ዝኾነ ድማ፣ ንከተማ ባረንቱ ጠንጢኖምሉ ኣንሳሒቦም።

ካብ'ቲ ኣብ ሳዋን ከባቢኣ ኣፉ ሃህ ኣቢሉ ንምውሓጦምን ዝጽበ ዝነበረ ሰራዊት ጸላኢ ግና ክጥንቀቑ ነይሩዎም። ምኽኒያቱ፣ ናብ ሳሕል ንኸይሕወሱ ኣብ ጎልጎል ባርካ ተጸፍየን ዝጸንሕኦም ሱሳ ታንክታት ገይሩሎም'ዩ ነይሩ።

ጸላኢ፣ ገለ ክፋሉ ኣብ ጎላጉል ሳዋ እናተቓጸወ፣ እቲ ገለ ክፋሉ ግና ንገድሊ ንምጥፋእ እግረ እግሪ ተጋድሎ ይስዕብ ነይሩ። ሽዑ፣ ጎልጎል ባርካ ናይ ኣተሓባባእ ጸወታ ተኣንግድ ዝነበረት ትመስል ነይራ። እቲ በቲ ይመጽእ እቲ ሓደ ድማ ናብ'ቲ ሓደ ይሓልፍ። ክልተ ኣንጻራት ተራኺቦም እናበልካ፣ እቲ ሓደ ካብ'ቲ ሓደ ተኸዊሉ ካብ ከበባ የምልጥ። እቲ ሓደ ይሃድን፣ እቲ ሓደ ድማ ንምምላጥ ይበላሓት።



ኣማስያኡስ ደቂ ገድሊ ንከበባታት ጻላእቶም ፈንጢሶም። ኣብ ውሽጢ’ታ ዕስራን ኣርባዕተን ሰዓታት እትውንን ሓንቲ መዓልቲ፣ ንዓሰርተ ሸሞንተ ሰዓታት እናተጓዕዙ፣ ብሕፍንቲ ዘይትኣክል ጥጥቖ ሩዝ፣ ወይ ከኣ ፕሮቲን ካብ’ቲ ዝተጠጅአ ከበባ ኣምሊጦም።

ደቂ ገድሊ፣ ምስ’ቲ ካብ እግሮም ዘይተርፍ ገመል ተረባሪቦም። ገመል ሓዋይ ምስ’ቲ ኣብ ሕቖኡ ዝተፈጥረ ናይ ኰረሻ ኣቕሳሉ፣ ደቂ ገድሊ ድማ፣ ምስ’ቲ ማይ ዝመዓገ ከብዲ እግሮም መሪሾም። መኸተኦም ሳላ ዘሐየሉ፣ ሓደ ነቲ ካልእ ከይጠለመ፣ ሰብን ገመልን ነቲ ከቢድ ድኻ ብሓደ ሰጊሮም።

ኣብ መወዳእታ እቲ ሓዝኩዎም እናበለ ብተስፋ ክጓዓዝ ዝጸንሐ ጸላኢ ‘ውን ምምላጦም ተሰዊጡዎ። እቶም ኣብ ጎልጎል ባርካ ዝወሓጡ ዝመስሉዎ ዝነበሩ ደቂ መሬት ካብ ኣፉ ከምዘምለጡ ፈሊጡ ምራቑ ብሓርቖት ጎርዳዕ ኣቢሉ ንውሽጡ ዊሒጡዎ። ስለዝኾነ ድማ፣ ‘’ንወንበዴታት ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ መዓልቲ ክንድምስሶም ኢና። እዚ ሓቂ እንተዘይኮይኑ ጊዮርጊስ ይቕተለኒ’’ ብምባል ሌተና ጀነራል ተስፋየ ገብረኪዳን ንሰራዊቱ ምስናይ ማሕላኡ ገሊጽሉ። (ሌተና ጀነራል ተስፋየ ገብረኪዳን ሚኒስተር ምክልኻል እዩ ነይሩ።)

ጸላኢ ብድሕር’ዚ ‘ውን ብዙሕ ኣይጸንሐን፣ ነቲ ወፍሪ ባሕሪ ነጋሽ ዝተሰምየ ሻሙናይ ወራሩ ወልዖ። መቸም ቀይሕ፣ ኮኾብን ባሕርን ዝብላ ቃላት ክፈትወን ጉዳም’ዩ። ምስ ምጅማር ውግእ ግንባራት ብደብዳብ ተነቓንቑ። ንመጥቃዕቲ ዝተዋደደ ሰራዊቱ ናብ ገድሊን ተጋድሎም ገጹ ፈሰሰ። በቃ፣ ኲኖ’ዝስ ብዘለካ ምቕሻማድ’ዩ። ቃታ ብረት እናሰሓብካ ጸላኢኻ ምንቋር’ዩ።

ምድረ ሰማይ ነዝነዝ በለ። ብናቕፋ ዝደየበ ሰራዊት ጸላኢ ‘’ናቅፋ ትታየኛለች’’ (ናቕፋ ትረኣየኒ’ላ) ክብል ተሰምዐ። ብግንባር ሓልሓል ዝነበረ ኣሃዱታቱ እውን ንዕርድታት ታባ ዓሰርተን ከባቢኡን ኣፍሪሱ ናብ ኣስማጥ ገጹ ተገምገመ። እቲ ብወገን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዝወፈረ ድማ ብደብዳብ ሓይሊ ባሕሪን ብፓራሹት ዝወርድ ኣየር ወለድን ተደጊፉ ንገለ ገለ ቦታታት ኪቈጻጸር ከኣለ።

ሻቡ፣ ገድልን ተጋድሎን ብኹሉ ማእዝን ተኸበቡ። እንተኾነ፣ እተን ዘይዕጸፋ ኒሕን ምትዕጽጻፍን ከም ቀደመንን ኣብ ቦታአንን ነበራ። ብሳላ ኒሖም፣ ምስ’ቲ ብቕጽሪ ይኹን ብዕጥቂ ዝተዓጻጸፎም ሓይሊ ጸላኢ ምውጋእ ቀጺሎም። ብሳላ ምትዕጽጻፎም ከኣ፣ ካብ ቦታ ናብ ቦታ እናተናጠሩ ኣብ ልዕሊ ጸላኢኦም ሰፍ ዘይብል ክሳራ ኣውሪዶም። ኣብ ባርካ ዝጸንሑ፣ ሓይሊ ባርካ መዚኖም ናብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ይውንጨፉ። እቶም ኣብ ሓልሓል ዝነበሩ ድማ፣ ንዓቕሚ ኣብ ቅድሚኦም ዝነበረ ሰራዊት ጸላኢ ገምጊሞም ናብ ናቕፋ ይድረቡ። ሓደ ነቲ ሓደ እናተደጋገፉ ንጸላኢኦም ይቕርስሙ።

ሻቡ፣ ኩሉ’ቲ ዝፈረሰ ቦታታት ተዓብሰ። እቲ “ኣይፈራም ጒበዝ“ ብዝብል ፈኸራኡ ክግዕር ዝጸንሐ ሰራዊት ጸላኢ ርእሱ ቀቢሩ ጥርቅም በለ። በቃ፣ እታ ህሞት እቲኣ እውን ንወፍሪ ባሕሪ ነጋሽ ዘፍ ዘበለት ኰነት። ብዓቢኡ ግና፣ ንገድሊን ተጋድሎን ካብ መድረኽ ጃላነት ሰፍሲፉ ናብ መድረኽ መጥቃዕቲ ዘሰጋገረቶም ህሞት ምንባራ ተረጋገጸ።

ገድሊን ተጋድሎን፣ ካብ መድረኽ ጃላነት ወጺኦም ላዕለዋይ ኢድ ምጭባጦም ምስ ፈለጡ፣ ዓቕሞም ወዲቦም ኣእዳው ጸላኢ ንምቕርሳም ተዳለው። ጸላኢ ኣብ ዘለዋ ኮይኑ ክከላኸል እንተዘይኰይኑ፣ ካብ ቦትኡ ተበጊሱ ንኸጥቅዕ ሓይሊ ከምዘይብሉ ኣረጋጊጾም እዮም።

ኣይደንጒየን ጸጋማይ ክንፊ ግንባር ናቕፋ ዓነውነው በለ። ጸኒሑ ‘ውን እቲ ንዓመታት ዝዓረዱሉ ግንባራት ናደው እዝን መንጥር እዝን ሃደሽደሽ በለ። ሽዑ፣ ‘’ይከኣሎ ኩሉ ዝከኣሎ፣ ነብሪ ጫካ

ዘይብልካ ጐደሎ፣ ኩሉ ኣብ ኢድካ፣ እንታይ ጐደሎ'ሎ'' እናበሉ፣ ነቲ ኣብ ናደውን መንጥርን ዝነበረ ሰራዊት ጸላኢ ከምዘየምልስ ገይሮም ቀጥቂጦሞ።

ኣብ'ቲ ግንባር ዝነበረ ማእለያ ዘይብሉ ሰራዊት ቀቲሎሞን ማሪኾሞን። ልዕሊ ኹሉ ግን፣ ነቶም እንተስ ኣጽዋር ብምምጣው፣ እንተስ ብኣካል እናኣተዉ ነቲ ውግእ ዝሳተፉዎ ዝነበሩ ደቂ ክረምሊን ብምስንባድ፣ ሰለስተ ሩስያዊያን ላዕለዎት ኣማኸርቲ ውግእ ማሪኹሎም። ጸላእቲ ግን ሕጂ 'ውን ኢዶምሲ ኣይኣከቡን። ኣብ ክንዲ ምስ ተጋድሎ ምስ'ቲ ብረት ዘይዓጠቐ ህዝቢ እዮም ገጢሞም። ሕነ ቀራናት ንኳዕማማት ኰይኑ፣ ንሰንሰለት ታንክታቶም ኣዴታትን ህጻናትን ረጊጸምሉ። ንህዝቢ ሽዕብ ንምጽናት ኩሉ'ቲ ክገብሩዎ ዝኽእሉ ጸይቂ ገይሮሞ።

መዓስ እዚ ጥራይ። ቀለቤት ድልዳለን ጽንዓትን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓድነቱ ምኻኑ ምስ ፈለጡ ንምብትታን ይኾነና'ዩ ዝብሉዎ ሓድሽ ብልሓት ፈጢሮም። ቆላማን ደጋማን ዝብል ንፍልልይ ዘገልግሎም እሶኹ ክተኽሉ ጀሚሮም። ብስም'ዚ ፍልልያት'ዚ ድማ፣ ንህሩፋን ስልጣን ኣፎም ማይ ከምልእ ዝኽእል ናይ ራስ ገዝ በረኸት ቀሪቦም።

ይቕጽል  
ኣብርሃም ዮውሃንስ (እብር)

# “ህዝቢ ኤርትራ ኩሉ ጊዜ፣ ነቲ ሰራሕ ቅያ ሓይሉ - ሓይሊ እናደርዓሉ ዝኸይድ ህዝቢ ኢዩ”

ፕረዚደንት ኢሳያስ